ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ

ኤርትራ

حزب الشعب الديمقراطي

الارتري

**ERITREAN PEOPLE'S DEMOCRATIC PARTY**

ዕለት፡ 13 ጥሪ 2010
ኣርእስቲ፡ ኣብ መዋጥር ዝርከቡ ኤርትራውያን ሓተትቲ ዑቑባ

ክቡር ኣቶ ኣንቶንዮ ጉተረስ  Antonio.Guterres@unhcr.org
ላዕለዋይ ኮሚሽነር
ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት፡ ጀነቫ

ቅዳሓት፡
ኣቶ ኣሊስታር ቦልቶን Boulton@unhcr.org, ተሓጋጋዚ  ላዕለዋይ ኮሚሽነር
ኣቶ ጆርጅ ኦኮት-ኦቦ Okothobb@unhcr.org, ካካያዲ ዞባዊ ቤት ጽሕፈት ናይ ኣፍሪቃ
ኣቶ ራውፍ ማዙ Mazou@unhcr.org,  ምኽትል ኣካያዲ ምብራቕ፡ ንኡስ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ
ወይ/ ጀነት ዝወፍሉ  Zuefle@unhcr.org ላዕለወይቲ ሕጋዊት ኣማኻሪት ናይ ኣፍሪቃ
ኣቶ ክዋሲ ኤትየን Etien@unhcr.orgሓላፊ ክፍሊ ኤርትራ

ክቡር ኣቶ ጉተረስ

ሕጂ ውን፡ ደጊመ ብዛዕባ ኤርትራውያን ስደተኛታት ካልእ ኣሻቓሊ ዛንታ ሒዘልካ ምምጽአይ ብዙሕ የጉህየኒ። ሕጂ ውን፡ ብዛዕባ'ቶም ኣብ ሊብያ ዝርከቡ ስደተኛታት ኢዩ።

ኣብ ሰለስተ መደበራት ዝርከቡ 345 ዝኾኑ ዑቑባ ዝሓቱ ኤርትራውያን፡ ናብ'ታ ብስርዓት ኢሳያስ ኣፍወርቂ ትጭቈን ዘላ ኤርትራ ንምብራር፡ ናይ ተብተብ ስጉምታት ይውሰድ ከምዘሎ፣ ኣብ ናይ ሊብያ ናይ ስደተኛታት መእሰሪ መደበራት ዝርከቡ ምንጪታት ይሕብሩ ኣለዉ። በስገዳድ ናብ ሃገሮም እንተደኣ ተመሊሶም እንታይ ጸገም ከጋጥሞም ምኻኑ ትፈልጥ ስለዝኾንካ ካባና ዝርዝር መብርሂታት ከምዘይትጽበ ርግጸኛታት ኢና።

ኣብ ዛውያ እተባህለ መደበር ዝርከባ 47 ደቂ ኣንስትዮ፣ ኣብ ጋራጂ ዝተባህለ ካልእ መደበር ዝርከቡ 98 ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮ፣ ከምኡ ውን ኣብ ውሽጢ ትርቡሊ ኣብ ዝርከቡ መደበራት ዝነብሩ 200 ዝኾኑ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኢዮም ንሓደጋ ናይ ምብራር ስጉምቲ ተቃሊዖም ዘለዉ። እቶም ስደተኛታት፡ ንምብራሮም ዘኽእል ዝተዳለወ ቅጥዒታት መሊኦም'ዶ ኣይመልኡን ንምርግጋጽ፡ ካብ 11 ጥሪ 2010 ኣትሒዞም፡ ኣባላት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሊብያ፡ ኣብ'ቲ መደበራት ክመላለሱ ይርኣዩ ኣለዉ።  ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ዘድሊ ስጉምቲ ክወስድ ምኻኑ እምነተይ ኢዩ።

የቐንየለይ
ወልደሱስ ዓማር

:
ኣቦ መንበር ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ